## ንኡስ-ዞባ ቦርሌንገ - ምምልካት መጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ ኣብ 2024/2025

ኣብ መባእታዊ ቤ/ት ዝኸይድን መሰል መጓዓዝያ ቤ/ት ዘለዎ ቈልዓ ዘለኩም ወለዲ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ናይ ቤ/ት መመላለሲ መኪና የመልክቱ። እዚ ነቶም ኣብ ፍሉይ ቤ/ት ዝኸዱ ቈልዑ ኣይምልከትን እዩ።

ኣብ ኣላዩት-ስድራ(ፋሚልየ ሄም) ዝነብሩ ወይ ግዝያዊ ቍጽሪ መንነት ዘለዎም ቈልዑ ወይ ንስኺ ከም ወላዲ ብኢንተርነት ከተመልክቲ ምስ ዝብርተዓኪ፡ ኣብ'ቲ ሰርቪስ-ሰንተር ዝበሃል ናይ'ቲ ንኡስ-ዞባ(ኮሙን) ማእከል- ኣገልግሎት ብምኻድ ኣብኡ ብዘሎ ቅጥዒ(ፎርም) ከተመልክቲ ትኽእሊ ኢኺ።

እቶም መንነቶም ስዉር ዝኾኑ ወይ መንነቶም ስዉር ክኾነሎም ዘመልከቱ ወለዲ በቲ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት ከመልክቱ የብሎምን። እንታይ ደኣ ኣብ'ቲ ማእከል-ኣገልግሎት ዘሎ ቅጥዒ መሊኦም ክልእኽዎ ኣለዎም።

## ንዓመተ ትምህርቲ 2024/2025 ዝኸውን ምምልካት

እዚ ምምልካት ካብ ዕለት **4 መጋቢት ክሳብ 24 መጋቢት 2024** ኣብ ዘሎ ግዜ ክካየድ ኣለዎ። ምኽንያት ናይ'ዚ ተመልክትዎ ውሳነ ቅድሚ ነሓሰ ከሎ ጌና ከም ዝበጽሓኩም ንምርግጋጽ። ልክዕ እዩ ኣብ'ዚ ላዕሊ ዝተባህለ እዋን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ እዋን እዉን ምምልካት ይከኣል እዩ። ግን ካብ'ዚ ዕለት ወጻኢ ኣብ ካልእ እዋን ምስ ተመልክቱ እቲ ውሳነ ኣብ እዋኑ ክመጸኩም እዩ ኢልና ከነረጋግጽ ኣይንኽእልን ኢና።

ብኢንተርነት ከተመልክቱ እንተኾይንኩም ባንክ-ኣይዲ( e-legitimation) ክህልወኩም ኣለዎ። እዚ ባንክ-ኣይዲ እንተ ዘይብልኩም ንኽወሃበኩም ኣብ ባንክኹም ኣመልክቱ። ሞቢልኩም ብምጥቃም ከተመልክቱ ከለኹም ብባንክ-ኣይዲ ክትፍሩሙ እንተ ኣቢኩም ካልእ ብራውሰር(መንበቢት ኢንተርነት) ተጠቀሙ። ሕጂ'ውን እንተ ኣቢኩም ኣብ ኮሚፕተር ኮይንኩም ከተመልክቱ ፈትኑ። ክልቲኦም እቶም ወለዲ ሞግዚነት እንተለዎም፡ ነቲ
ዝምልከት ክልቲኦም ክፍርምሉ ኣለዎም። ሞግዚነት ቈልዓ በይናዊ ጥራሕ እንተኾይኑ ግን እቲ ሞግዚነት ዘለዎ ወላዲ ይፍርም።

ኣብ እዋን ዓመተ-ትምህርቲ ገለ ለውጥታት ምስ ዘጋጥም፡ ንኣብነት ገዛ ወይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝቕየር፡ ከም ብሓድሽ ከተመልክቱ ኣለኩም።

እቲ ምምልካት ኣብ'ቲ ካብ 4 መጋቢት ጀሚሩ ኣብ መካነ-መርበብ ናይ'ቲ ንኡስ-ዞባ ዘሎ ኢንተነታዊ ኣገልግሎት ይካየድ፧ [Skolskjuts - Borlänge (borlange.se)]

## ውሳነ ብኮምፒተር

እቲ ውሳነ ዝወሃብ ንዝምልከቶ ሕጊ ቤት ትምህርትን ደንብታት መጓዓዝያ ቤ/ትን ብምጥቃም ብቐጥታ ብኮሚተር ይፍጸም። ኣብ ገሊኡ እዋን ግን ብኮምፒተር ዘይኮነ ሓደ ሰብ ነቲ ምልክታ ብምርኣይ ውሳነ ክሕልፈሉ ይኽእል እዩ።

## ብዛዕባ ውልቃዊ ሓበሬታኻ - ኣተሓሕዛ ውልቃውያን ሓበሬታታት

ኣብ ንጥፈት ትካልና ነቶም ንንኡስ-ዞባ ቦርሌንገ ትህበም ሓበሬታታት ክንርእዮም፡ ከነመሓድሮምን ክንከታተሎም እንተ ኾይና ግድን እዩ ክንምስረሖም ዘለና። ውልቃውያን ሓበሬታታት ብመሰረት ሕጊ ጸወን ሓበሬታ ይተሓዙ። ነዚ ሕጊ ጸወን ሓበሬታ ብዝምልከት ኣብ'ዚ ዝስዕብ መካነ-መርበብ ኣቲኻ ኣንብብ፡ www.borlange.se/gdpr።

## ትካል መጓዓዝያ - መካነ-መርበብ

መጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ ብዝምልከት፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መካነ-መርበብ ናይ ንኡስ-ዞባ ቦርሌንገ ኣለኩም፧

[Skolskjuts - Borlänge (borlange.se)]